# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.126 | ሰንበት 25 ጥሪ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
መገዲ ዓወት


ገጽ 4
ተበግሶታት ኣከባብያዊ ፍታሕ


ገጽ 5
ነዊሕ ጕዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን


ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ምክልኻል፡ ስልጠና ባድሚንቶን ኣካይዱ



## ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 2025 ዝዓመሞ መደባት ገምጊሙ

ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ብ21ን 22ን ጥሪ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዘኣቃሃየ ኣኼባ፡ ኣብ 2025 ብውህደት ኣካላት መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን ንዘተሰላሰለ ልምዓታዊ መደባት ገምጊሙ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት - ሰፊሕ መደባት ምፍዋስ ማይ ከዖታት፣ ህንጻትን ጽገናን ናይ ሓመድ ጸርግያታት፣ ንቕሓት ህዝቢ ዘበርኹ ኣኼባት ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዘጠቓልል መደባት ከምእተዓመ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሕጽረት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምቅላል፡ ከከም ቀዳምነቱ - ህንጻትን ጽገናን ትሕተ-ቅርጺ ፕሮጀክት ማይ፡ ጥዕናን ትምህርትን ከምእተኻየደ፣ ኣገልግሎት ሓይሊ ኤለክትሪክ ንምስፋሕ - ኣብ ንኡስ ዞባታት ዓዲቐይሕ፡ ሰንዓፈን ጸሮናን መስመራት ናይ ምዝርጋሕ ዕወት ዕማም ከምእተተግበረ፣ ልዕሊ 600 ኪሎሜተር ናይ ሓመድ ጸርግያታት ከምእተጸገ፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት ጸሮናን ማይምነን ዝበረ ሕጽረት መራኸቢታት ቴሌፎን ንምፍታሕ ከኣ ሓደሽ ትሕተ-ቅርጺ ከምእተዋደደ ተገሊጹ።






ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 8 ከተማታት ምስ ትሕተ-ቅርጺን ብዙሒ ነበርትን ተኣሳሲሩ ዝቐየድ ንጥፈታት ህዝባዊ ኣገልግሎት፡ ንግዲ፡ ኢንዱስትሪን ቱሪዝማዊ ኣገልግሎትን ንምምሕያሽን ንምስፋሕን ብዞባ ክትግበሩ ዘለዎም መደባት ተዘርዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ኣብ ዘሰመየ ቃል፡ ህዝብን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻልን ተወሃሂዶም - ማይ-ከዖታት ኣብ ምፍዋስ፡ ትሕተ-ቅርጺ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምህናጽን ፕሮጀክትታት ማይ ኣብ ምውዳድን ንዘበርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ብዘላቕነት ክቕጽልዎ ኣዘኻኺሩ።

ኣዛ. እዚ. ማእከል ብርጋደር ጀነራል ተኸለ ክፍላይ ብወገኑ፡ ተዋሃሂድካ ምስራሕ ወሳኒ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዝተወጠነ መደባት ልምዓትን ህንጻትን ንምዕዋት፡ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ከም ወትሩ ድልዋት ምዃነን ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምስፋሕ ሕርሻዊ ልምዓትን ህንጻት ዲጋታትን፣ ምዝርጋሕ ትሕተ-ቕርጺ ቀረብ ማይ፣ ምሕያል መደባት ምግራብን ጽገና ጸርግያታትን፣ ከምኡ'ውን ምስፋሕ ትሕተ-ቕርጺ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ካብ ቀንዲ መደባት 2026 ከምዝኾኑ ተገሊጹ።

## ኣስመራ - ሻብዓይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሃኮሰኤ ተቓኒዑ

7ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሃኮሰኤ፡ "ልምዓታዊ ገስጋስና፡ ብንቕሓትናን ዕጥቕናን!" ብዝብል ቴማ፡ ብ23 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ተኻይዱ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ብምኽትል ዋና ጸሓፊ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳን ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ትግባረ መደባት ድሕሪ ዘቐየዶ ዘተ፡ ውጥን ስራሕ 2026 ኣጽዲቑ።

ሃኮሰኤ፡ ኣብ 2025 - ኣብ ተራ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣብ ምሕደራ ዕዮ፣ ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት፣ ኣጉዳስቶት ውዳብ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት፣ ሓድነት ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን መኸተ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣጉዳስቶት ዳግመ-ምምውዳብ ዘተኮረ ሰሚናራትን ገስጋሳትን ከምዝቐየደ፡ ኣብ'ቲ ጸብጻብ ተጠቒሱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መንእሰያትን ደቀኣንስትዮን ሰራሕተኛታት፡ ውድባዊ ጉዳያት፡ ስልጠናን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን፡ ከምኡ'ውን ዝምድናታት ወጻኢ ዝተሰላሰለ መደባት ብዝርዝር ቀሪቡ።

ብሸውዓተ ዓውድታት ሞያ ስልጠና ዝሁብ ዘሎ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ፡ ኣብ 2025 ክልተ ዙርያታት ብሰርቲፊኬት ከምዝመረቐ ክሕብር ከሎ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ብድምር 692 ሰራሕተኛታት ዝተሳተፍዎ ሞያዊ ስልጠናታት'ውን ከምእተዋህበ በሪሁ።




ማእከላይ ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ ውጥን ስራሕን ባጀትን 2026 ድሕሪ ምጽዳቑ፡ መሰረታውያን ማሕበራት፡ ፌደረሽናትን ኣብያተ-ጽሕፈት ዞባታትን ኣብ ንሓድሕዶም ዘሎ ዝምድና ክሕጸርን ከወሃሃድን፣ ፌደረሽናት ሰራሕተኛታት ሃኮሰኤ፡ ምስ ከምኣን ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለወን ዞባውያንን ዓለማውያንን ፌደረሽናት ሰራሕተኛታት ዝምድናኣን ኩሓድሳን ኩሓይላን፣ ኣፍልጦ መንእሰያት ኣብ ሃኮሰኤን ዕላማታቱን ምእንቲ ክሰፍሕ ገስጋሳት ክሕየል፣ ከምኡ'ውን ምቛም መጸንሒ ህጻናት ኣብ ትካላት ብዕቱብ ክስራሓሉ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓሙሽቲኣን ፌደረሽናት ሰራሕተኛታት ሃኮሰኤ፡ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግሌታተን ብ22 ጥሪ ኣካይደን።

ኣባላት ባይቶ ፌደረሽናት ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ውድባውን ማሕበራውን መዳያት ሰራሕተኛታት፣ ከምኡ'ውን ድሕነትን ጥዕናን ካልእ እዋናዊ ጉዳያት ሰራሕተኛታትን ዘትዮም።

ዜና

# ሰንዓፈ - ኣብ ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ኣብ ሰንዓፈ፡ ኣብ ምውጋድ ክሸቦ ደቂኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ዘተኩረ ኣስተምህሮ፡ ብ20 ጥሪ ንመራሕቲ ሃይማኖት ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ንመርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሸቦ ደቂኣንስትዮን ብመንጽር ሕጊ ኤርትራ ብሰፊሑ ዘበርሀ'ዩ።

ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከባቢ እቲ ሃሳዪ ልምድታት መሊኡ ከምዘይተወገደ ዝገለጸ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ኣሰር ኣልኣዛር፡ እቲ ተግባር ዘይሕጋዊ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ሕዱር ሕማማት፡ ነብሪ ሰንክልና፡ መኻንነ ሞትን ከምዝስዕብ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕቶን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ የማነ መሻሾ ብወገኑ፡ እቲ ዕላማ - ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣበርቲዑ ማሪታዊ ኣተሓሳስባታት ንምውጋድ ከምዝሕግዝ ብምሕባር፡ ዝቐጽል ኣስተምህሮታትን ዝምስገን ወጽኢት ደርቢ ስለዘለዎ፡ ኣብ'ቲ ዝደለ ሸቶ ንምብጻሕ ሓባራዊ ስራሕ ከምዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መንእሰይ ግርማይ ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ሃሳዪ ልምድታት ንምውጋድ፡ ተራ ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ ናይ መራሕቲ ሃይማኖት ክዕዘዝ ተማሕጺኑ።

# ጾሮና - ኣብ ምሕያል መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና፡ ሱፐርቫይዘራት፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ኣመሓደርቲ ከባብን ዝተረኽቡሉ፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ምሕያል ዘተኩረ ዘተ ተኻዪዱ።

ሱፐርቫይዘር ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ተስፋዝጊ ካሳ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ብዘተገበረ ኣተኩሮ፡ 85 ማእታዊት ካብ ተቐማጦ ን/ዞባ ጾሮና መሃይምነት ከጥፍኡ በቒዖም ምህላዎም ብምጥቃስ፡ ሰረጸ ዘሎ ንቕሓት ንኸዕቅብን ደገስ. መሃይምነት ንኸየጋጥምን ኣድላዪ ክትትልን ምዝርጋሕ ዝንበብ መጻሕፍትን ከምዝድለ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና መምህር ሰልጠነ ጉብረያናስ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 186 ደቂኣንስትዮ ኣብ 7 ንቑጣታት ይመሃራ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸቡ ወገናት ነቲ ዕድል ክጥቀሙሉ ተላብዩ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጾሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ዕላማ - መሃይምነት ዘይጥፍኣ ዜጋ ንኽይህሉ ከምዝኾነ ብምንጽር፡ ኣካበርቲ ዓድን ኣመሓደርቲ ከባብን ህዝቦም ብምንቅስቓስ ብዕቱብ ክሰርሑሉ ተማሕጺኖም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284

# ዳህላክ - ኣብ ባህላዊ ውርሻታት ዘተኰረ ዳህሳስ ይካየድ

ጨንፈር ባህሊ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ቤት-መዘክር ዞባ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ትካል ኣገልግሎት ንቑታትን ጉዕዞ ባሕርን ኤርትራ ብምውህሃድ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ደሴታትን ገማግም ባሕርን ን/ዞባ ዳህላክ፡ ወፍሪ ዳህሳስን መጽናዕትን ባህላዊ ውርሻታት ኣካዪዱ።

እዚ ካብ 7 ክሳብ 17 ጥሪ 2026 ኣብ ደሴታት ሃዋከል፡ ዓጅዝ፡ ደልገማ ከበር፡ ኣባዕገባ፡ ሳሪቦን በካዕን ንዝርከብ ባህላውን ባህርያውን ጸጋታት ብሓፈሻ፡ ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርሲታትን ከኣ ብፍላይ ንምፍታሽን ንምክትታልን ዝተኻየደ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ወፍሪ ከምዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ዕዮ ዝተሳተፉ ክኢላታት ገሊጾም።

ክኢላታት ስነ-ሰብን ስነ-ጥንትን ኣቶ ኢሳይያስ ተስፋዝጊን ኣቶ ዮታም ገዛኢን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዛጊት ብዝተኻየደ መሬታዊ ዳህሳስን መጽናዕትን፡ መቓብር፡ ሰፈራታት፡ ዒላታት፡ ከምኡ'ውን ናይ ኣምልኾ ቦታታትን ኩምራ ዛዕጎልን ዘጠቓልል 36 ታሪኻዊ ቦታታትን ኣሰራትን ተረኺቡ ግቡእ ናይ ሰነድ መሰርሕ ከምእተኻየደሉ ኣረጋጊጾም።

ንኡስ ዞባ ዳህላክ ዘይተዳህሰሰ ባህርያውን ባህላውን ጸጋታት ዝሓቘፈ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ክሳብ ሕጂ ዝተረኽበ ኣሰራት፡ ዓሚቕ መጽናዕቲ ንምክያድ ዝድርኽ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ብዛዕባ ዝነበረ ንጥፈታት ንግዲ፡ ማሕበራ-ባህላዊ ኣቃውማ ሕብረተ-ሰብን መግዛእታዊ ታሪኽን ኣንፈት ዝህብ ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ካብ 24 ሕዳር ክሳብ 2 ታሕሳስ 2025 ኣብ ደሴታት ሃርሚል፡ ሮሞያ፡ ውሲታ፡ ካዱ፡ ኢስራተ፡ ዲፍኒን ሓራት፡ ድሕል፡ ሳጋላ፡ ፈረኽ ሳጋላ፡ ሳልማ፡ ኣውቫን፡ ሙጋዲሕን ቡልሐሰርን ኣብ ባህርያውን ባህላውን ጸጋታት ትሕተ-ባሕርን መሬታዊ ክፋልን ኣብ ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርሲታትን ከምኡ'ውን ኩነታት ኣዕዋፍን ዓሳታትን ዘተኰረ ዳህሳስን መጽናዕትን ከምእተኻየደን ብርክት ዝበለ ጥንታዊ ኣሰራት ከምእተረኽበን ዝፍለጥ'ዩ።

ንኡስ ዞባ ዳህላክ፡ ካብ ከተማ ባጽዕ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣስታት 60 ኪሎ-ሜትር ርሒቑ ይርከብ።

# ማእከል - ግብሪ ኣብ እዋኑ ክኸፈል ጻውዒት ቀሪቡ

ወነንቲ ኣብይቲ ምስ ተኻረይቲ ሕጋዊ ውዕል ብምግባር ዝግዝብኦም ግብሪ ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ፡ ሓላፊ ጨንፈር ክራይ ኣብይቲ ዞባ ማእከል ኣቶ ብርሃ ተስፋይ ጸዊዑ።



ኣካረይቲ - ብመሰረት መምርሒ ንዘተኻረያ ኣብይቶም ብግቡእ ከመዝገቡን ሕጋዊ ውዕል ክገብሩን፣ ተኻረይቲ ድማ ሕጋውነት ዘኽብሩሉ ውዕል ክረጋገጹ ኣዘኻኺሩ።

ዝምድና ኣካረይትን ተኻረይትን ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምዝሎ ዝሓበረ ኣቶ ብርሃ፡ ተኻረይቲ ብመሰረት ዝኣተውዎ ሕጋዊ ውዕል ዝግዝብኦም ክራይ ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ፣ ኣብ ዝተኻረይዎ መንበሪ ገዛ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ንጥፈት ከየካይዱ፣ ኣካራይቲ ድማ ንተኻረይቲ ናይ ዝኸፈልዎ ክራይ ቅብሊት ክህቡን ግብርን ቀረጽን ኣብ እዋኑ ክኸፍሉን ኣተሓሳሰበ።

መምርሒ ክራይ ኣብይቲ ካብ ዝፍቅዶ ሽድሽተ መልቀቒ ነጥብታት ወጻኢ፡ ኣካረይቲ ኣብ ልዕሊ ተኻረይቲ ጸቕጢ ምስ ዝገብሩ፡ ቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣብይቲ ሕጊ ተኸቲሉ ስጉምቲ ክወስድ ስልጣን ከምዘለዎ'ውን ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ብርሃ፡ ውዕል ክራይ ዘይገብሩ ኣካረይትን ተኻረይትን ክህልዉ ስለዘኽእሉ ዳህሳስ ከምዝካየድ፣ ኣብ መንጎ ተኻረይትን ኣካረይትን ወሸጣዊ ስምምዕ ከይህሉ ድማ ዕቱብ ምክትታል ከምዝግበር ብምንጻር፡ ወነንትን ተኻረይትን ካብ ዘይሕጋዊ ስራሕ ክቑጠቡ ተላብዩ።

# መዘናዒ

ማርታ'ክብሮም

## መገዲ ዓወት

ሓደ መንእሰይ፡ ምስጢር ዓወት ንምፍላጥ - ናብቲ ህቡብ ግሪኻዊ ፈላስፋ ሶቅራጠስ ብምኻድ ጠለቡ ኣቕረበ። ሶቅራጠስ፡ ድሌትን ባህግን ናይ'ቲ መንእሰይ ስለ ዝተረድኦ ከኣንግዶ ወሰነ።

"መንእሰይ! ምስጢር ዓወት ክትፈልጥ ካብ በሃግካ፡ ኣነ እውን ዘለኒ ካብ ምሃብ ኣይብቆልካን እየ። ስለ'ዚ፡ ጽባሕ ኣብታ ትረኣየና ዘላ ሩባ፡ ልክዕ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ንራኸብ" ብምባል ቈጸራ ሓዘለ።

እቲ መንእሰይ፡ ብኣወንታዊ መልሲ ሶቅራጠስ ስለዝተሓጎሰ ቈልጢፉ ተሰማምዐ። ንጽባሒቱ ብመሰረት ቈጸራኡ፡ ኣብቲ ሶቅራጠስ ዝበሎ ሰዓትን ቦታን ተረኸበ። እቲ ፈላስፋ'ውን ቀዲሙ ኣብቲ ቦታ በጺሑ ስለዝጸበዮ፡ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ "ሰዓቢ" ብምባል መሪሕዎ ናብቲ ሩባ ኣተወ። እቲ መንእሰይ ምስ ኩሉ ሕቶታቱን ጥርጣረታቱን ብዘይ ዝኾነ ዘረባ ሰዓቦ።



ኣብ ወሽጡ ግና ብዙሕ ናይ ምጥርጣር ስምዒታት ነበሮ።

ሶቅራጠስ መሪሕዎ ናብ መዓሙቕ ናይቲ ማይ ሰጕሙ። እቲ መንእሰይ፡ ሶቅራጠስ ክዘርቦ እናበሃገ ብዘይ ዘረባ ደድሕሪኡ ሰዓበ። ዕምቈት ናይ'ቲ ማይ ኣብ ክሳዶም ምስ በጽሐ፡ ሃንደበት ሶቅራጠስ ኑቲ ደድሕሪኡ ዝስዕብ ዝነበረ መንእሰይ ብኸሳዱ ብምዕትዓት፡ ናብ መዓሙቕ ናይቲ ማይ ኣጥሓሎ። ወዮ ሃንደበት ዝኾኖ መንእሰይ፡ ካብ'ቲ ኣትዩዎ ዝነበረ መዓት ክወጽእ ተቓለሰ። ደጊሙ ደጋጊሙ ከምልጥ ፈተነ። ብኢዱን ብእግሩን ተጋደለ። ግና ንሓይሊ ሶቅራጠስ ክስዕር ስለዘይከኣለ፡ ብድኻም ተሰኒፉ ዝልሓጥ በሎ። ኣብ መወዳእታ ሓይሊ ጸንቂቑ ክጥሕል ምስ ጀመረ፡ ሶቅራጠስ ሓፍ ኣቢሉ ካብቲ ማይ ኣውጽኦ። እቲ መንእሰይ ዕድል ስለዝረኸበ ብሓይሊ ኣስተንፈሰ። ብሓይሊ እናኣስተንፈሰን እናሰዓለን ድማ ንሶቅራጠስ ብዓይኒ ጽልኢ ረኣዮ። ሓይሊ ብዘለዎ ቃና ከኣ "ስለምንታይ ከምኡ ትገብር?" ብምባል ብቑጥዐ ሓተቶ።

ሶቅራጠስ፡ "ክትመሃር ስለዝደለኹኻ!" ክብል መለሰ። "ብህይወት ጸወታ የለን። ብኸም'ዚ ካብ ዝመሃር፡ ብኻ ትምህርትኻ ተረፋኒ!" በሎ።

ሶቅራጠስ ንጥርዓንን ቁጥዓን ናይቲ መንእሰይ ሸለል ብምባል፡ "ኣብ'ቲ ማይ ዓቕልኻ ጸቢቡካ እንከሎ፡ ብምሉእ ልብኻ እትደልዮ ነገር ነይሩካ'ዶ?" ብምባል ሓተቶ። እቲ መንእሰይ፡ "ከስተንፍስ ደልየ ነይረ። ኣየር ክረኽብ እየ ዝብህግ ነይረ" ክብል ኣሕጺሩ መለሰ።

"በል ምስጢር ዓወት ድማ ከምኡ ኢዩ። ንዓወት ብምሉእ ልብኻ፡ ብልዑል ሃንቀውታ እሞ ድማ ኩሉ ነገር ክትውፍየላ እንተ ተዳሊኻ ኢኻ እትረኽባ። ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ማይ ኣቲኻ እንከለኻ ኣየር ንክትረክብ ዝተሃንጠኻን ዝተቓለስካን ማለት እዩ። ልክዕ ከም'ቲ ንኣየር ክትረክብ ካብ ውሽጥኻ ዝነበርካዮ ቃልሲ፡ ንዓወት ድማ ከምኡ ጌርካ እንተተቓለስካ ክትረኽብ ኣይክትጽገምን ኢኻ" ብምባል መረዳእታ ኣሰንዩ ገለጸሉ።

እቲ መንእሰይ፡ ኩሉ እቲ ሶቅራጠስ ዝገበሮ ነገር - ንመረዳእታ ምእንቲ ክኸውን ኢሉ ዝገበሮ ምዃኑ ምስ ተረደኦ ዝያዳ ደስ ኢልዎን ተሓጒሱን ከደ።

## ካብ ባህርያት ልምዲ ንባብ ዘለዎም ሰባት

1. በስሒቲ እዮም፦ ኣንበብቲ ሰባት ብዙሕ ብዘንበቡ መጠን ብዛዕባ ህይወት ዝፈልጥዎ ነገር ብዙሕ እዩ። ንኣእምሮኦም ንቕሓት ክህቦ ዝኽእል ዕዮታት ይህብዎ። ብዘይካ'ዚ ብዙሕ ምንባብ ብዙሕ ቃላት ክፈልጡን ናይ ምጽሓፍ ክእለቶም ከማዕብሉን ይሕግዞም።

2. ህንጡይነት ዘለዎም እዮም፦ ብዛዕባ ዓለም፡ ሰባትን ነገራትን ክፈልጡ ዘለዎም ህንጡይነት ልዑል እዩ። ብዙሕ መጽሓፍቲ ዘንብቡ ሰባት ሓድሽ ነገር ናይ ምምሃርን ምፍላጥን ዘለዎም ህንጡይነትን ድሌትን ደረት የብሉን።



3. ኣብ ዘየድልዩ ነገራት ግዜ ከሕልፉ ኣይደልዩን እዮም፦ ኣንበብቲ ምስ መጽሓፍቲ ብዙሕ ግዜ ስለ ዘሕልፉ ግዜኦም ኣብ ዘይጠቕምን ቀንጠመንጢ ነገራትን ኣየሕልፍዎን እዮም።

4. ጽቡቕ ናይ ምዝራብ ክእለት ኣለዎም፦ ብዙሕ ዘንብቡ ሰባት ካብ ጸሓፍቲ ብዙሕ ሓሳባት ስለ ዝረኽቡ ምስ ሰባት ኣብ ዝዛረብሉ ግዜ ጽቡቕ ናይ ምዝራብ ክእለትን ናይ ምርድዳእ መንፈስን ዘለዎም እዮም። ሓሳባት'ውን ብቐሊሉ እዮም ዝፈስሉም። ክዛረብሎም ዝኽእሉ ብዙሕ ኣርእስትታት ኣለዎም። ብዘይካ'ዚ ካልእ ሰብ ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ ንፉዓት ሰማዕቲ እዮም።

5. ኣብ ኣእምሮኦም ጽቡቕ ስእሊ ናይ ምስኣል ክእለት ኣለዎም፦ ኣንበብቲ መጽሓፍ ከንብቡ ከለዉ ባህርያት፡ ሕብርታትን ነገራትን ኣብ ኣእምሮኦም እናሰኣሉ እዮም ዘንብቡ። ስለዚ ስእሊ ኣእምሮኦም ብዝተዋህቦ እዮም ዝጥቀምሉ።

6. በይኖም ክኾኑ ኣይጽግሞምን እዮ፦ ብዙሓት ሰባት ጸምዋ ወይ በይንኻ ምኳን ኣይፈትውዎን እዮም። ልምዲ ንባብ ዘለዎም ግና በይኖም ክኾኑ ኣይፈርሑን እዮም ምኽንያቱ ጸምዋ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ምስ መጽሓፍ ስለ ዘዕልሉ።

7. ወሳኒ ሓሳባት ዝወሃቡ እዮም፦ መብዛሕትኡ ግዜ መጽሓፍ ዘንብቡ ሰባት ልዑል ናይ ምስትንታን ክእለት ይውንኑ። ስለዚ ኣንበብቲ ሰባት ብዛዕባ ከበድቲ ወሳኒታት ዝኾኑ ኣርእስትታት ብዘይ ዝኾነ ጸገም ልክዕ ሓሳብ ናይ ምክፋል ክእለት ኣለዎም።

8. ንፉዓት ሰማዕቲ እዮም፦ ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ብዙሕ ሓሳባትን ሓበሬታን ምእካብ ስለዝፈትዉ ካልእ ሰብ ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ ሃዲእካ ናይ ምስማዕ ክእለት ዝወሃቡ እዮም።

## ኣብ ግዜ ምልእቲ ወርሒ ዝበዓሉ በዓላት

ኣብ ኻፍሲ ወከፍ መበል 29 መዓልቲ ጽሓይ ብቐጥታ ብድሕሪ መሬት ኩይና ኣብ ልዕሊ ወርሒ ከተብርህ እንከላ ወርሒ ምልእቲ እያ ትኸውን። ምልእቲ ወርሒ ካብታ ልምድቲ ወርሒ ብ14 ሚእታዊት ዝዓበየትን ብ30 ሚእታዊት ዝደመቐትን ኢያ።

ምልእቲ ወርሒ ኣብ ብዙሕ ባህልታትን ልምድታትን ቀሊል ዘይኮነ ጽልዋ ኣለዋ። ሎሚ ንገለ ካብቶም ምልእቲ ወርሒ ክትከውን እንከላ ዝበዓሉ በዓላት ክንርኢ ኢና፦

ዞንግኪ ጂ (በዓል ወርሒ)፦ ኣብ ቻይናን ኣብ መኣርቕ ቀውዒ ዝበዓል ህዝባዊ በዓል እዩ። እዚ በዓል ን3000 ዓመታት ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ምሉእ ዘይጉደለ ዝራእቲ ምህርቲ ንምርካብ ይበዓል።

ቹስኦክ፦ ኣብ ኮርያ ዝበዓል ኮይኑ ምስ ምልእቲ ወርሒ ናይ ቀውዒ ንምግጣም ዝተዳለወ ናይ ሰለስተ መዓልታት ጸምብል እዩ። ስድራቤታት ድማ ኣብቲ ጸምብል ንምስታፍን ንኣቦታቶም ንምዝካርን ኣብ ሓደ ይእከቡ።

ፑርኒማ፦ ኣብ ባህሊ ሂንዱ ዝጽምበል ኮይኑ ብጾምን ጸሎትን ዝበዓል እዩ። ከምኡ'ውን ካርቲክ ፑርኒማ ኣብ ወርሒ ሕዳር ዝዓደድ ኩይኑ - ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ሂንዱ ዝተቐደሰት ወርሒ ተባሂላ ትፍለጥ። እዚ ጕይታ ሺቫ ኣብ ልዕሊ ትሪፑራሱራ ዝተባህለ ጋኔን ዝረኸቦ ዓወት ንምጽንባል ዝግበር እዩ። ሰርዓታት እዚ በዓል፡ ኣብ ሩባታት ምሕጻብን መስርዕ ሙብራህቲ ምውላዕን የጠቓልል።

ተኸተልቲ ቡድሃ፡ ቡድሃ ቅድሚ 2500 ዓመት ኣብ ትሕቲ ምልእቲ ወርሒ ከም ዝተወልደ ይኣምኑ። ብርሃን ከም ዝረኸበን ኣብ ትሕቲ ምልእቲ ወርሒ ከም ዝሞተን እውን ይኣምኑ።

ብዘይካ'ዚ ኮርያውያን ቹሴክ ዝተባህለ በዓል ኩብዕሉ እንከለዉ ንዝረኸብዎ ምህርትን በረኸት ወለዶምን የማስግኑ።

ኣብ ስሪላንካ ድማ ኣብ ኻፍሲ ወከፍ ምልእቲ ወርሒ፡ 'ፖያ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ህዝባዊ በዓል ኣሎ። ኣብ መዓልቲ ጸምብል፡ መሸጣ ኣልኮላዊ መስተን ስጋን ክልኩል እዩ። ኣማልኽቲ ናብ ምድሪ ወሪዶም በረኸቶም ከም ዝህቡ ድማ ይኣመኑ። እቲ ግዜያት፡ ጸሎት ዝግበረሉ፡ መለኮታዊ መስዋእቲ ዝቐርበሉን ፍረ ዘፍርዩ ኣትክልቲ ዝትከሉን እዋን እዩ።



ኣብ መክሰኮን ገለ ካልኦት ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ድማ ደቀንስትዮ ኣብ ምልእቲ ወርሒ ተኣኪበን ንሰለስተ መዓልታት ዝጸንሕ ዝስዕስዓሉን ዘምልኽሉን "ሳዕስዒት ወርሒ" ዝበሃል በዓል ኣሎ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:35 | ሙዚክ ኦኣሰስ |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ቴራብ |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላልጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ስሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |




# ተበግሶታት ኣከባብያዊ ፍታሕ

የውሃንስ ተኽለማርያም
ክፍሊ ኣከባቢ ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

### 3. ምጥቃው ምሕደራ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ

ኣብዚ እዋን ከም ዓሳን ካልኦት ንመግቢ ዝውዕሉ ንግዳውያን ጺጋታት ባሕርን ውቅያኖሳትን መጠናም እናንቀልቀለ፡ ብቑጽሪ ብዙሓት ድማ ኣብ ደረጃ ሓደጋ ምጽናት ይርከቡ። ኣውራ ጠንቂ ናይዚ ብድሆ ኮይኑ ዝርከብ እምበኣር ዘይቅርዑይ ኣገባብ ምዝመዛ ጺጋታት እዩ። ኑቶም ልዑል ቁጠባዊ እቶት ዘኽዕቡዎም ብሕልፊ ድማ ንመዓላ መግቢ ደቂ-ሰባት ዝውዕሉ ዓሳታት ሕልፊ ካልኦት ግዳይ ጌሩ ድማ ይርከቡ።

ዝበዝሕ ህዝቢ ዓለም ብቐሊሉ ክረኽቦ ኩብ ዝኽእል ሓደ ኳቡቶም ኣገደስቲ ምንጪ ሕሱር መግቢ ፕሮቲን ኩብ ዓሳን ካልኦት ፍጥረታት ባሕርን እዮ ዝርከቡ። ብተወሳኺ ብዙሓት ህዝቢታት'ውን መኮቡርኦም ኣብዚ ንጥፈት ስለዝምርኮሱ ብዙሕ ሸቐለት ጺይሩ ይርከቡ። እዞም ምኽንያት'ዚኦም ብዓንደ-ርእሱ ኣገዳስነት ውሕሉል ምሕደራ ምግፋፍ ዓሳ ኣብዚ እዋን ጎሊሑ ንኽርአ ሓጊዞም ዝርከቡ ዘለዉ እዮም። እዚ ንጥፈት ውሕሉል ምሕደራ ኑቶም ገና ኣብ ደሓን ኩነታት ህላወ ዝርከቡ ዓሌታት ዓሳታት ንኽፋረዩን ክሰስኑን ጥራይ ዘይኮነ ርትዓዊ (ዘላቒ) ብዘኾነ ኣገባብ ክግፈፉ እውን ዕድል ዝኸፍት እዩ። ኑቶም ድሮ ቁጽሮም ኣንቆልቂሉ ኣብ ዝኸፍአ ትሑት ደረጃ ህላወ ወሪዶም ዝርከቡ ዓሌታት ድማ እኹል ግዜ ብምሃብ ዳግም ብምብርጋር ናብ ንቡር ደረጃ ኩነት ህላወ ዝምለሱን ዚያዳ ዝሰስኑን ምቹእ ባይታ ምጥጣሕ የኽእል።

ኣብዚ ዝሓሸ ኣማራጺ ንጥፈታት ምዕቃብ ኣከባቢ ባሕሪ ኮይኑ ዝርከብ፣ መፋረይን መዕቀቢን ዝኾኑ ተኣፈፍቲ ቦታታት ባሕሪ፣ ደሴታትን ገማግምን እዮም። ነዞም ኣገደስቲ ቦታታት ብዘተኻእለ መጠን ብምሕዛእ ብምግዛያውኑት ብምክልኻልን ኩብ ንጥፈታት ኢንዱስትርያዊ ምግፋፍ ዓሳን ካልእ ተጻባእቲ ንጥፈታት ደቂ-ሰባትን ሓራ ብምውጻእ፡ ኑቶም ኣብ ጎድናም ተጎዘጊዞም ዝርከቡ መዳውብቲ ማያዊ ኣካላት (ባሕርታት) ተረባሕቲ ብምግባር፡ ኣማራጺ ዘይብሉ ዕማም ኮይኑ ይሰርሓሉ ኣሎ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ሕሩም ሕዛእቲ ወይ ከፊላዊ ምሕዛእ'ውን ተኣፈፍቲ ቦታታት ባሕሪ ኩብ ብኸላ ነጻ ንክኾኑ ዚያዳ ባይታ ስለዘጣጥሕ ክድፍኣሎም የድሊ።

ከም ኣማራጺ ዘላቒ ምዝመዛ ጺጋታት ባሕሪ፣ ንጥፈታት ሕርሻ ጺጋታት ባሕርን ጥዑም ማይን (Aquaculture) ከም መብረን ውሕስነት ዘላቕነት እዞም ኩብ መሮር ባሕሪ ዝግፈፋ ጺጋታት ምትእትታው ዝብል ኣምር ይርከቡ። ኣብዚ እዋን ሕርሻ ዓሳ ባሕርን ጥዑም ማይን ልዕሊ ክልተ ሲሶ ናይቲ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ዝቐርብ ቀረብ ዓሳታትን ጺጋታት ባሕርን ወኪሉ ይርከብ።

ንጥፈታት ዕቃብ ኣከባቢ፣ ፍጥረታት ባሕርን ስፍራኦምን ኑቶም ብቐንዱ ሱብ ጉዳይ ዘኾኑ ገፊፍቲ ዓሳን ካርቲ ከባቢ ገማግም ባሕርን ብዘይ ምጉናይ ኣማእኪልካ ክትግበር ከምዝግባእ ግን ኩቶ ክስገር ዘይግብኦ ሕመረት ቅርዑይ ምሕደራ ጺጋታት እዩ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ ኣከቡብያውን ማሕበራውን ኩነት ኣእምሮ ገፊፍቲ ዓሳ ብኣወንታዊ ቱኽረት ብምቅናይ ሚዛናዊ ምዝመዛ ብምፍቃድ ዘላቒ ኩነታት ብምፍጣር ቁጠባዊ ጥቕሚ ልምዳውያን ገፊፍቲ ዓሳን ተቐማጦ ገምገም ባሕርን ክሕሎ ክግበር ይከኣል።

### 4. ምስፍሕፋሕ ዘላቒ ሕርሻዊ ንጥፈታት

ኣሉታዊ ጽልዋታት ኣከቡብያዊ ምምዝባዕ ብሰንኪ እናሻዕ ተደጋጊሙ ዘጋንፍ ደርቅን ህቡብላዊ ንፋሳትን ማይ ዝናብን ኣሻቓሊ ዛዕባ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ጥራይ ከይኣክል ውግእ ወረ ውግእን ጥሜትን ተደሚርዎ ንዓለምናን ናብ ዘበኣሰ ኩነታት ኣውዲቐዋ ይርከቡ። ምስቲ ብናህሪ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ብምግንዛብ ኑቶም ኣብ ሕቑፎ ፕላኔትና ዝርከቡ ደቂ-ሰባት፣ ኣብዚ እዋን ኳቡቶም ዝዓበዩ ብድሆታት ኮይኑ ዘሎ ዘቐጽልን እንተሃልዩ ውሕስነት መግቢ (food security) እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ጠንቂ ዘበኣሰ ምብራስ ኣግራብን ብኸላ ኣከቡብን ኪይኮንና ዝሓሹ ዘለቕቲ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝበሃሉ ሜላታት ክካየዱ እዋናዊ ይመስል። እዞም ሜላታት ኩብ ውሑድ ዓይነታት ኣእካል ወይ ዘርኢ ኩብ ምምርኳስን ኩብ ምጥቃም ዘይተደልዩ ጸረ-ባልዕን ኣድሒኑ ናብ ህይወኣዊ (organic) ዝበሃሉ ፍርያምኑት ክንሰጋገር ዘኽእል ኩቡቲ ልሙድ ኣተሓሳባ ወጽእ ዝበለ ንጥፈት ምሕሳብ ዝድርኽ ኩነት ዘፈጥር እዩ።

ከም ኣብነት፣ ኣኳፖኒክስ (aquaponics) ኣከባቢ ከይበከለ ውሑድ ጺጋታት ብምውዳድ ዝሓሸ ሕርሻዊ ፍርያት ከምጽእ ዝኽእል ሓደ ኳቡቶም እዋናውያን ሕርሻዊ ሜላታት እዩ። ብውልቂ ንዕለታዊ መንበርካ ኣብ ከባቢ መረበትካ፣ ኣብ ዕዳጋ ብመልክዕ ቁጠባዊ ረብሓ ንምውዓል ድማ ሕብረተሰብ ብጥሙር ክትግበር ዝከኣል እዩ። እናተለምደን እናማዕበለን ዝኸይድ ዘሎ ንጥፈት ኮይኑ ድማ ይርከቡ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዓይነታት ፍረታትን ኣሕምልትን ዝዘዝወ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዚያዳ ክሰርሓሉ ዘኽእል ኣገባብ እዩ። ኣብዚ መዳይ ብህውቶም ዝዓበዩ ዓሳ ማዕረ ማዕረ'ቲ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣሞንዮኻ ብምፍራይ'ውን ምንጪ ሕሱር ፕሮቲን ዝኾውን ምህርቲ ክሕፈሰሉ ይክኣል።

ኣብዚ መዳይ ኑቲ ብቡሕቲ ኣብ ከባቢኻ ንምትግባር፣ ላዕለዋይ ክፋልን (rooftop) መናድቕ ኣባይትና ከም ሕርሻዊ ባይታ ክንግልገለሉ ዘኽእል ሜላ ብምጥቃም ካዕቦ እቶት ክርከቦ ዝኽእል እዩ። እዚ ምስቲ ኩብ ዕለታዊ ብደቂ-ሰባት ክጉሓፉ ዝግብኦም እሞ ብመገዲ መስርሕ ኮምፖስት ናብ ባህርያዊ ዱኽዒ ብምቕያር ዝግበር ተወሲኹቲ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝኾነ ሱብ ሕጽረት መግቢ ንምምኳት ኣገዳሲ ተራ ከምዝጻወት ይጉብሮ። ብተወሳኺ ንኣብ ከተማታት ዘሎ ንሕርሻዊ ንጥፈታት ዝምችኡ ሕጽረት መሬትን ኣብ በረኻታት ንሕርሻዊ ንጥፈታት ብዝብል ምኽንያት ዝበርሱን ኣግራብን ዝቑጥቀጡ ቆጥቋጣትን ሓራ ዝጉብር ንጥፈት ብምዃኑ ተቐባልነቱ እንዳ ዓዘዘ ይኸይድ ከምዘሎ ይእመን።








### 5. ምምስራት ዘላቕነት ጺጋታት ዘውሕሳ ከተማታት (Sustainable Cities)

ኣብዚ እዋን ልዕሊ 54 ሚእታዊት ኩብ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ይነብር። ብመሰረት ጸብጻባት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2050 እዚ ቁጽሪ ናብ 66 ሚእታዊት ክዓቢ ትጽቢት ይግበር። ነዚ ምስ ግዜ ግድን ዝበጽሕ ዕቤት ብዝሒ ህዝብን ሻቕሎት ምስፍሕፋሕ ከተማታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ዘላቒ ምዕባለ ከተማታት ኣብ ኣተሓሳስባ ነፍሲ-ወከፍና ክህሉ ግድን ይኸውን።

እዚ ማለት፣ ሓንቲ እትህነጽ ቤት ወይ ዝህነጹ ኣባይቲ ኣብኣ ዝነብሩ ሰባት ኩሉ ዘድልዮም መግብን ማይን ጽዓትን ወዘተ… ብጥምሮን ብዘላቕነትን ገዛእ-ርእሳ እተመንጩ ወይ ዘመንጭዉ ክትከውን ወይ ክኾኑ ዘኽእል ዓቕሚ ጌርካ ንምስራሕ ዝብል ኣምር ዘሰላስል ትልሚ እዩ። እታ ፋልማይ ነዚ ዕማም እትዓምም ኣብ መደብ ተኻቲታ እትርከብ ከተማ ድማ ኣብ ሃገረ ሆላንድ እትድኮን 'ኣልመረ' (Almere) ብዝብል ስም ትጽዋዕ ክትከውን እያ። እዚ ሚሳል (ጽንሰ-ሓሳብ) ብብእዋኑ ድማ ናብ ካልኦት ሰሜናዊ ክፋል ኤውሮጳን ካልኦት ክፋላት ዓለምን ብምቕናዕ ክልሕም መደብ ተታሒዙ ይርከብ። ነዚ ሾቶታት ንምውቃዕ ኩባንያ 'ገጠራት ረ ገን' (Re Gen Villages) ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ህንጻት ኣባይቲ ከም ኣብነት ብምውሳድ ነዚ መደብ ዝመርሕ ትካል ኮይኑ ተሓጺዩ ይርከብ።

ኣብ መደምደምታ፣ ከምቲ ብኣባሃህላ ኣበው 'ጸገም ትወልዳ ንጥቡብ/ ንብልሓት!'፣ ከምዝብሃል፣ ነዚ ኣብዚ እዋን ዓለምና ገጢሞማ ዝርከቡ ክንዲ ግዝዕ ዝኣኽሉ ብድሆታት ከይተሰናበድና፣ ማዕረ ማዕረኡ ህይወት ደቂ-ሰባት ከመሓይሹን ክቕልሱን ዝኽእሉ ምህዞታትን ብልሓታትን ብግዱሳት ተበላሓትቲ ውልቀ-ሰባት ሱብ ዋኒን ትካላትን ብዝሓሸ ሜላ ንምትግባር ክጽዓር ይግባእ። ነዛ ጸዋሪትናን ጠዋሪትናን ዝኾነት ዓለም ሰሰናዩ ከነግዝማ ድማ ተደራቢ ሞራላዊ ግዴታ ናይቶም ሃሲያ እነውርደላ ዘለና ደቂ-ሰባት ልቦናዊ ምስትውዓል ከድሊ እዩ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

3ይ ክፋል

## ንዊሕ ጉዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት ዝተረኽበ፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ዛንታታት ተመኩሮ ገድልን ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ ሚ/ ዜናን ካልእን ዝተወሰደ ሰነዳትን ስእልታትን ምኽንያት ኩሉ ኣንባቢ ክፈልጦ ኣቓዲምና ዘኽኽር።

ሽዑ ለይቲ እቶም ሰለስተ ኣባላት ሃንደሳ ምስ ብጻል ዓብዱን ምልክቱን ኣቡታ በራኽ ታባ ከይደቀስና ኣብ ተዳሎ ሓደርና። መሬት ቅድሚ ምውጋሓ ግና ዜሮ ሰዓት ስለ ዝኣኸለ ብየማናይ ወገን ናይቲ ዝበርናዮ ተረተር ዝተተኩሰ ኣርበጂ ኑቲ ጅማሮ ናይቲ መጥቃዕቲ ኣበሲሩ። ብሓንሳብ ድሙ ስለ ዘይተደፍኡ ጠያይቲ ብኸደኒ ክዘርመና ጀመረ።

ሽዑ ኣብቲ ዝበን ሓደ ጅግና ተሰጢሑ ጸንሓና። ርእይ እንተ ኣብልናዮ እቲ ብጻል ብሬን ኣብ ደሮቲ ውግእ ከም ዝራብዕ ብቐልስ ንኸሉም ብጹቱ ዓጠምጠም ዘብል ዝበረ ስሙ ዘይሓዝኩዎ ኀበዘ ምኻኑ ኣረጋገጽኩ። ብሓቂ ሽዑ ዝተሰምዓኒ ጓሂ ክገልጾ ኣይክእልን'የ። ናይ ፈለማ ሰውእ ተጋዳላይ ዝረኣኹላ ዕለት'ያ። እቲ ውግእ ብኹሉ ወገን ይቕጽል ስለ ዝበረ ግና ጠያይቲ ኣብ እግርና ክዓልብ ከሎ ኢና ኑቲ ብየማን ዝበረ ብስልኪ ዝተጠናገ ፖምዘ ዝዓይነቱ ፈንጅታት ክንጸርግ ኣብ ዝጀመርናሉ እዋን'ውን እቲ ከም



ኣባላት ሃንደሳ ኣብ ንጡፍ ስራሕ

መሬትን ሰማይን ብኹሉ ወገን ናብ ሓዊ ተቐየረት። ኳሕ … ጉም … ሂም …. ጠራዕራዕ ዝብል ደምጺ ፈኩሶን ከበደን ብረታት መሬት ኣናዊጹ። ኑታ ዝበርናያ በራኽ ታባ ከይተረፈ ብፍንጫላት ቦምባታት ጸላኢ ክትህረም ጀመረት። ኩሉ ካብ ማዕዶ ዝርአ ኀቦታት መቓልሕ ናይቲ ብርቱዕ ደምጽታት ተሸሺ መሰሉ።

መሬት ድሕሪ ምውጋሑ፡ ጸላኢ እዚ ኹሉ ሓገዘ ፋሉላትን ታንክታትን'ኳ እንተ ተዓበረሉ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ጅጋኑ ከትክል ኣይከኣለን። እቶም ብድሮ ኣብቲ ሩባ ማይ ኪጋጨቡ ዝምሰዩ ሓርበኛታት ድሙ ንሰራዊት ጸላኢ ረመጽ እናኸየዉሉ እስትንፋስ ከም ዘይረክብ ገበሩ። ሰራዊት ጸላኢ ድፍዓቱ ራሕሪሑ እናተኸብከበ ናብቲ ፊትና ዝበረ በረኽ ጎቦ ዓሮብ ሓኸረ።

ኣዛዚ በጦሎኒ ብርጌድ 31 ዓብዱ መጠሪ መሪሑና ንቕድሚት ተሓንበበ። ካብታ ዝሓደርናላ ታባ ምስቶም ሓይልታት ኑቲ ሩባ ሰገርና፡ ናብቲ በረኽ ተረተር ዓሮብ ደየብና። ሽዑ ጠያይቲ በዮማ ጸጋምና እናፋጸየ ኣጨኒቖና። ተጋዳላይ መውጋእትን መስዋእትን እናኸፈለ ኣብ ዝበን ናይቲ ጎቦ በጽሐ። ብየማንና ዝበረ ሰራዊት ጸላኢ ግና መቓምጣ ዝዘዝዕ ዝበረ ጠያይቲ ካብ መጠን ንላዕሊ በርቲዑ።

ሽዑ ዓብዱ መጠሪ ኑቲ ከኣታት ተዓዘቡ ኑቲ ስራሕ ኣቋረጽኩም ኣብ ከውሊ ተጸግዑ'ኳ እንተ በለና፡ ንሕና ግን ኑተን ሓይልታት ጥራይ ከሕልፍ ንሓሰብ ስለ ዝበርና፡ ኣደህቦና ኣብ ምጽራግ ናይቲ ኑቶግቲ ነይሩ። ስልክታት ናይቲ ፖዝም እናፈታሕና ከሎና ደማ ኢና፡ ብየማን ዝመጽኣት ጥይት ኣብ የማናይ ሰለፈይ ዝዓለበት። ንጸማናይ ሰለፈይ ሰይራ ድሙ ጸጋማይ ሰለፈይ ስጋ ብስጋ በሲዓ ሓለፈት። ሽዑ የማናይ እግረይ ሓሸምሺም ስለ ዝበለ ጠጠው ክብል ኣይከኣልኩን።

ኣጋር ሓከም ናይቶም ሓይልታት ኑቲ ነዊሕ ስረይ ኣውጺኡ ክሕክመኒ ጀሚሩ። እቲ ቦታ ብኹሉ ወገን ይውቃዕ ስለ ዝበረ፡ እቶም ውጉኣት ዘመላልሱ ዝበሩ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም፡ ካብቲ ዝበን ናብቶም ኣብ እግሪ ጎቦ ተኺሎ ዝጸበቡ ዝነበሩ ውጉኣት ኣውረዱኒ። ውጉኣት ብበወዥናም ኣብቲ ዱር እናበርኩቱ ከዶ። ሓኪምም ናይታ በጦሎኒ ድሙ ውጉኣት ስለ ዝበዝሑዎም ካብቲ ሓደ ናብቲ ኻልእ፡ ካብቲ ደሓን ናብቲ ብርቱዕ መውጋእቲ ዝበርዎም እናተጓዩ ኢንፍዩዥን ክተኽሉን ኑቲ



ተጋዳላይ ምእንቲ ናጽነት ይውጋእ፡ ይስዋእ



ረዘነ ኣርኣያ

መስበርቲ ብሉሕ እናጠምጠሙን ዕረፍቲ ኣይነበሮምን።

እቶም ሓኪይም ከምቶም ለይቲ ከይደቀሱ ድምጾም ክሱብ ዝልሕትት ሃለው ክብሉ ዝሓደሩ ኦፐረይተራት ዕረፍቲ ኣይነበሮምን። እቶም ውጉኣት፡ መዓናጡኦም ዝዘዝለዉ፡ ኣራእሶም ዝተሃርመ ከምቲ ከሚይ ኣእጋሮምን ኣእዳዎምን ዝተሓምሸሸ ነበሩ። እቲ ጎልጎል ደማ ብዝደቀሱን ብዝቐዝሐውን ጸዕዳ ፋሻ ዝተጠምጠሙ ውጉኣት መልኡ። በቲ ኻልእ ድሙ ዝተሰልበ ብረት ዝተሰከሙ ተጋደልቲ፡ ዝተማረኹ ወተሃደራት ዝኸብከቡ ተጋደልቲ እንክትርኢ፡ ዓወት ናይቲ ኩናት ንሕ ከሎ ተረጋገጸ።

ብየማናይ ወገን ደቂሱ ዝቐንዝ ዝበረ ውግእ "ረዘ" ክብሉ ጸውዑዎ። እቶም ውጉኣት ደቂ ሓደ ኣሃዱ ስለ ዝኾኑ ንሓድሕዶም ብኣስማት ክጸዋወዑ እንክለው፡ ኣነ ግን ሓደ ብስመይ ዝጽውዓኒ ሰብ ኣይረኸብኩን። ምኽንያቱ ኣሃዱና (ወተ/ሃንደሳ) ውሑድን ኣብ ዝተዛዕለ ከጠበታት ዝኡብርን ኣሃዱ ስለ ዝኾነ። ሽዑ ብምሉኡ ብዙሒ ኣሃዱ ሃንደሳ፡ ካብታ ዓብዱ መጠሪ ዝኣዘዘ ዝበረ በጦሎኒ ዘይሓልፍ ሓንቲ በጦሎኒ ጥራይ ነበረ።

ኣሰታት ሰዓት ሓደ ድሕሪ ቐትሪ ምስ ኮነ ግና ሓደ ብርቱዕ መውጋእቲ ዝበሮ ኣካላቱ ብምሉኡ ብደም ዝጠልቀየ ወገእ ምስ መጸ እቶም ሓኪይም ዝያዳ ተረበሹም። ሽበድበድ ክብሉ ረኣኹዎም። ረዘ ኣርኣያ'ውን ንመውጋእቱ ግዲ ከይገበረ ናብቲ ውግእ እናጠመተ "ኣሕ!" ክበል ተዛረበ። እቶም ሓኪይም ኑቲ ብርቱዕ መውጋእቲ ዝበሮ ተጋዳላይ ኢንፍዩዥን እኳ እንተ ተኸሉሉ፡ ኣይጸንሐን ተሰዊኡ።

ሽዑ እቶም ውጉኣት "ኣሕ ኢልያስ እኳ'ዩ" ክብሉ ምስ ሰማዕኩዎም፡ ከምቲ ኣብ ዝበን'ቲ ጎቦ ዝረኣኹዎ ስውእ ካልኣይ ጓሂ ዝፈጠረለይ፡ እቲ ለዋህን ጅግናን ብድሮ ዝተቐበለና ኣዛዚ ሓይሊ ምስውኡ ካብቲ መውጋእተይ ንላዕሊ ኣዝዩ ተሰምዓኒ። ምኽንያቱ፡ እቲ ተጋዳላይ ኣዛዚ ሓይሊ ክንሱ ከም ተራ ተጋዳላይ ብትሕትና ክቕበለና ከሎ ተራእየኒ። ቃንዛይ ረሲዐ ብምስዋእቱ ሓዘንኩ።

እቲ መጥቃዕቲ ካብቶም ድሕሪ ሻድሻይ ወራር ዝተገብሩ መጥቃዕታት ዝበርተዐን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ሰንበራት ዝፈጠረን ኮይኑ፡ ጸላኢ ካብቲ በጺሑዎ ዝበረ ጎቦታት ናብ ጎላጉል ዒላጻዕዳ ተደፍኡ። ሽዑ ሓይልታት ካብቲ ዝበጽሑዎ ጎላጉል ክንሳሕብ ስለ ዝኾኑ፡ ኑቲ ቦታታት ጸላኢ ከይተመልሶ ብቐልጡፍ ክንወጽእ ስለ ዝበረና፡ ሐጻ ዝተጸዓነት ማርቸደስ ናብቲ ተኣኪብናሉ ዝበርና ቦታ ደበኽ በለት። እቶም ሓኪይም ደማ ኑቶም ዝያዳ ማህሰይቲ ዝበረና፡ ብቓሬዛ ተሰኪምም ጸዒናምና። እቲ ነዊሕ ጉዕዞ ናብ ዓቢ ደጀን ከኣ፡ ካብቲ ተኣኪብናሉ ዝበርና እግሪ ጎቦ ተተኺሉ ተጀመረ።

ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብ መንጎ ደጀንን ግንባርን ጽኑዕ ዝምድና ነይሩ። ንድሕሪት ተመሊስና ብዛዕባ ደጀን ክንዛረብ እንከለና፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ገና ኣብ እግሪ ተኺሉ ዝወሰዶ ደጀን ናይ ምምስራት ተበግሶ፡ ኣገዳሲ ኣካል ናይቲ ንኤርትራ ናጻ ንምውጻእ ዝተኸተሎ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ፕሮግራሙ እዩ ነይሩ። ህዝባዊ ሓይልታት፡ ሰውራ ኤርትራ ካብ ፈለማኡ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን ስትራተጂ 'ዝተናውሐ ህዝባዊ ኩናት' ከም ዝዕወት ኣሚኑ እዩ ተበጊሱ። እቲ ኣብ 1977 ዝተኻየደ ቀዳማይ ወድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ እውን ነዚ ቅኑዕ ሓርነታዊ ስትራተጂ'ዚ ዳግም ኣረጋጊጹዎ እዩ።

'ዝተናውሐ ህዝባዊ ኩናት' ወተሃደራዊ



ስዉእ ኮሎኔል ዓብዱ መሓመድ ዑመር መጠረ

ስትራተጂ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፖለቲካውን ቀጠባውን መዳያት ዘለዎ ከለንትናዊ ናብ ሓርነት ዘብጽሕ ህዝባውን ሓርነታውን ስትራተጂ እዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ሓፋሽ ህዝቢ ምውዳብ፡ ምንቃሕን ምዕጣቕን ሓድነቱን ንቕሓቱን ክብ ብምባል ብሰፊሕ ተሳታፍነቱ ዓወት ሰውራ ምርግጋጽ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ፡ ብቑዕን ንቑሕን ህዝባዊ ሰራዊት ብምህናጽ ብደባይን ተንቀሳቓስን ቀዋምን ስልትታት ደረጃ ብደረጃ ሰብን መሬትን ሓራ ምግባር፡ ኣብ ቀጠባዊ መዳይ፡ ብመትከል ርእሰኻ ምኽኣል ብምምራሕ፡ ንዓወት ሰውራ ዘገልግል ቀጠባዊ ትሕተ-ቅርጺን ዓቕምን ምህናጽ፡ ንህዝቢ ዘርብሕ ኣገልግሎታት ምምዕባል፡ ሰረታት ፍትሓዊ ሃገራዊ ቀጠባ ምንጻፍ ወዘተ ዘጠቓልል እዩ።

ጎልጎል ዒላጻዕዳ ሰንጢቕና በቲ ኣብ መንጎ ጎቦ ቀጠርን ደብር እምንን ዘሎ ጸቢብ ሩባ ሽግሉት ኣንቃዕሪና ድሙ ብየቓበት ሽግሉት ናብ ገሮግር ኣሰመራ እናደየብና ከለና፡ ኣብ ፍርቂ መንገዲ እታ መኪና መሬት ኣብ ምውጋሑ ዓጠም ኢላ ተሰበረት። ዘሕዝን'ዩ! መሬት ክትወግሕ'ያ፡ ነፈርቲ እውን ክመጽኣ ይኽእላ'የን። ውጉኣት ካብ ዝበን መኪና ብኸመይ ክወርዱ'የም? ዘውርድ ሰብ'ውን የለን። እቶም ሓደ ክልተ ምስና ዝበሩ ሓኪይም ካብ መጠን ንላዕሊ ተሸገሩ።

ይቕጽል…

## ቮሊቦል

እዚ ዕርዲ'ዚ በረኽ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ኣደኳኺሑንኡ ንጉልጉል ናሮ ከተማዕዱ ምቹእ'ዩ። ሓይሊ ጸላኢ ከኡ ናብኡ ልግዝብ ኢሉ ዓሪዱ ነበረ። ኣብ መንጎ ጸላኢን ተጋደልትን ሓንቲ ንእሽቶ ጥጥሕቲ ጉልጉል ጥራይ ኢያ ነይራ። ኣብ ቮሊቦል ካብ ብረት ኣቐሊዕካ ክትትኩስ ብቦምባ ኢድ ክትደራብ ትመርጽ። እቲ ምኽንያት ብዙሕ እዩ።

ብቐንዱ ዕርድታት ወገንን ጸላኢን ኣዝዩ ዝተቐራረበ ስለ ዝኾነ ከተኻጽር ርእሰኻ ከተውጽእ ዕድል የብልካን። ስለዚ ብቦምባ ኢድ ኢኻ ትዋጋእ። ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር እቲ ምድርባይ ቦምባ ኢድ ብኢድ እንካብን ሃጠን ስለ ዝበረ፡ ተጋደልቲ ንሓድሕዶም እናተዋዘዩ "እዝስ ውግእ ዘይኮነ፡ ጸወታ ቦምባ ቮሊቦል'ዩ" ኢሎሞ። ካብኡ ንጀው ከኣ በዚ ስም እዚ ተፈልጠ።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ፡ ካብ ጸላኢ ዝተሰነደወት ቦምባ ቃፅ ኢላ ቅድሚ ምፍንጃራ፡ ብልዑል ቅልጣፈ ኣልዒሎም ናብ ዝመጽኦ ዝመልሰሉ ኣጋጣሚታት ነይሩ'ዩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ክጥቀሙ ቦምባ ኣብ ኢዶም ተፈንጃራ ዝቖረጸቶም ኣለዉ። ይኹን'ምበር፡ ቮሊቦል በዚ መዳይ'ዚ እንታይ ርእያ (መዘኪባ) ትሑዝ ሓበሬታ የለን። ብዘይካ እዚ ኣብ ቮሊቦል ኣብ መንጎ ጸላእን ወገንን ኣብ ዝርከብ ቦታ ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ነይራ። ኑታ ዓባይ ከውሒ ተጠቒሞም ወገንን ጸላኢን ቦምባ ይደራረቡላ ነይሮም። ገለ ሰባት እቲ ቮሊቦል ዝብል ስም ካብዚ ምቕባል እዚ ዝቐለ እዩ ይብሉ።

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ተሓኤ መሬት ኤርትራ ልዕሊ ሓደ ውድብ ክጾወር ኣይክእልን'ዩ ዝበለትሉ ጉባኤ፧

ሀ/ 1971 ለ/1972 ሐ/ 1973

2. ራብዓይ ወራር ዝጀመረሉ ወርሒ መዓስ ነይሩ?

ሀ/መጋቢት 1979 ለ/ሚያዝያ 1979 ሐ/ግንቦት 1979

3. ተሓኤ ካብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝንሰሓበትሉ ዓመት ጥቐስ?

ሀ/1979 ለ/1980 ሐ/1981

4. ሓርነት ኣፍዓበት 1977 መዓስ ነይሩ? ዕለትን ወርሕን ጥቐሱ?

ሀ/ 6 ሚያዝያ ለ/6 ግንቦት ሐ/ 6 ሓምለ

5. ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ዝተቖረነትሉ ዕለትን ዓመትን?

ሀ/ 11 መስከረም 1952 ለ/ 12መስከረም 1952 ሐ/ 13 መስከረም 1952

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Materials Coordinator Fixed plant and Power station**
**Number required – (02)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The role of the materials coordinator is to improve workforce productivity and work quality by anticipating and eliminating potential delays through planning and coordination of labor, parts and materials, and equipment access.
- Create and assign spare parts for maintenance tasks and ensure the right resources are available (eg parts and inventory).
- Contribute to the operations by ensuring that all maintenance activities are planned, scheduled and completed in a cost-effective manner with minimal disruption to ore processing and mining activities, Maintains a weekly schedule and general maintenance planning activities either for the HME or fixed plant.
- The materials coordinator will ensure that all preventive, spare parts management is updated in a timely and cost-effective manner and maintains the asset register and all associated tasks.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Ensure maintenance technicians have the tools and parts they need to complete work orders
- Expected to schedule spare parts in a way that minimizes equipment downtime and impact on production.
- Manage the maintenance spare part planning function to ensure that the work scheduling process is being performed effectively and meeting targeted KPIs
- Prepare weekly maintenance spare part schedules and plans
- Continually review the work order history to optimize maintenance scheduling and eliminate recurring defects and spare parts
- Ensure that all work assigned is completed in an efficient and timely manner.
- Keep all plant records up to date and maintain the spare parts asset register.
- Monitor, check and liaise with workshop personnel (both in-house and contractor workshop) to ensure that all spare parts as planned and scheduled are available.
- Continuously update and correct the spare parts management, ensuring all descriptions and data is up to date and correct.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Trade qualifications as a diesel Mechanic, plant fitter/electrician<br>• Additional qualifications in planned maintenance desired, or Eritrean equivalent. |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years' experience in large scale open pit/process plant mines in maintenance planning |
| Technical Skills | • Organize, plan and execution skills<br>• Excellent communication skills<br>• Possess understanding of preventive maintenance techniques<br>• Analytical skills and attention to details<br>• Project management skills<br>• Report writing skills<br>• Report writing skills<br>• Decision making skills and problem-solving skills<br>• Valid drivers license |
| Behavioral Skills | • Good interpersonal skill<br>• Ability to work under pressure with challenging targets<br>• High level of initiative<br>• Strong interpersonal relationship building skills and adaptability to work with people of different cultures. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ሕልና ዘዕግብ ሰናይ ተበግሶ

ዮናታን የዕብዮ
ወ/ኣ/ዜ/ዞ/ ማእከል
ስእሊ - ሮቤል መረስዕ



ብባህልን ስሩ-ምግባርን ዝተሃንጸ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዝዛለወ እንተ ሃለወ፡ ኑቲ መሰረት ህላወኡ ዝኾነ ልምድታቱ ኣይገድፎን'ዩ። ግዜን ዕድላትን ኣብ ዝረኸበሉ ኣጋጣሚ ድማ፡ ከዘውትሮን ክጥቀመሉን ይርኣ።

ባህልን ስሩ ምግባርን ናብቲ ሕመረት ክብርታት ዝኾነ ምድግጋፍ፡ ምምልላእ፡ ምትሕግጋዝ ወዘተ. ዝወስድ መንገዲ'ዩ። እዚ መንገዲ'ዚ ተኸቲልካ ምግዓዝ ከኣ፡ ኣንፈት ዘብጽሕ ዕላማ ኣዚዩ ናብ ጸቡቕ ከይዱ ይወስድ። ሰናይ ተግባር ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ መለለዪ ባህልናን ክብርታትናን ምኻኑ ኣብ



መም/ ምሕረት ሃብተማርያም

ተዓዚ'ውን እወታዊ ጽልዋ ዘሕድር'ዩ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር ብ13 ታሕሳስ ዝተራእየ ንጥፈት፡ ንህዚ. ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኮይኑ ረኺብናዮ። ኣባላት



ኣቶ ብርሃነ ተስፋማርያም

ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ዓቕሞታቶም ብምውሃድ፡ ምቑእ እዋን መርጽዮም ናብ'ቶም ኣብ መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር ዝመሃሩ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ዘለዎም ተመሃሮ ትሕዝቶኦም ሒዞም ብምኻድ፡ ከዘናግዕዎም ወዓሉ። እዚ ሰናይ ተግባር እዚ፡ ኑቶም ተመሃሮ ቁልዑ ባህ ዘበለን ሞራሎም ዘበረኸን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቶም ምሉእ ግዜኦም ኣወፍዮም ዝምህርዎም ኣለይቲ መምህራን'ውን ሕልናዊ ዕግበት ዝፈጠረን ሞራል ዘሰነቐን ፍጻመ ነይሩ።

እዞም ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ተወፋይም ብዙሕ ንጥፈታት ዘካይዱ'ኳ እንተኾኑ፡ ከምዚ ዓይነት ተግባር ግን ናይ ፈለማ ግዜኦም እዩ። እዚ ከም መበገሲ ሓሳቦም ውዳቤታቶም

ብምሕያል ዝያዳ ጸብለል ዝበለ ስራሕ ክዓዩ ምኻኖም ከኣ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣቦ መንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ኣቶ ብርሃነ ተስፋማርያም ገለጹ።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ብዘሎኣተዎ ቃል መሰረት'ዮም፡ ናውቲ መሕጸብ ሰብነትን ክዳውንትን ሒዞም ብምኻድ፡ ኣብ መማሃሪ ክፍልታት ናይ'ቶም ኣእምሮኣውን ምዕባለውን ሰንክልና ዘለዎም ተመሃሮ በጺሖም። እዞም ተመሃሮ እዚኣቶም፡ ብደረጃ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝወጸ ግቡእ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ዕድላት ረኺቦም መዓልታዊ ትምህርቶም ዝኸታተሉ ዘለዉ ኮይኖም፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ድማ፡ ንመማሃሪ ክፍልታት ናይ'ቶም ተመሃሮ ብሓድሽ ቀለም ቀቢኦም፡ ንመሳኸቲ ክፍልታት'ውን ጸጊናምን ኑቲ ቀጽሪ ኣጽርዮምን። ዘድሊ ጽገናን ጽሬትን ምስ ኣካየዱ ድማ፡ ምስቶም ተመሃሮ ሓቢሮም ተመሲሖምን ተዘናጊዮምን። ኣብ'ቲ ናይ ምዝንጋዕ ሃዋውሁ ዝበረ ናይ ሓጎስን ደስታን መንፈስ ድማ፡ ሞራልካ ዘበራትዕን ንሕልናኻ ቅሳነት ዝህብን ነይሩ።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ጸንከር እዋን ዘራኸቦም ኣሕዋት'ዮም። ምእንቲ ልኡላውነት ሃገር ንምውሓስ ተዋጊኦም፡ ክንደይ ብሉጻት ዝኸፈሉ ምኻኖም ከኣ፡ ዝያዳ ፍቕርን ሓድነትን ይንጸባረቖም። እዞም ኣባላት ናይቲ ማሕበር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕ ተጸሚዶም'ኳ እንተ ሃለው፡ ኑቲ ኣብ ጸንከር ግዜ ዝኣተውዎ ቃል ሕድሪ ክርስዕዎ ዘይሕሰብ'ዩ። እዚ ዝገበርዎ ሰናይ ተግባር ድማ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንጽገማት ወጻኢ ናይ ምሕጋዝ ሕድሪ ኮይኑ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ምፍሻል ህንዱድ ወራራት ዘርኣይዎ ቀራጽነት ንምቕጻልን ዳግማይ ታሪኽ ንምስራሕን እዩ።

መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር፡ ከምዚ ዓይነት ሰናይ ተግባር ክኣንግድ ናይ ፈለማኡ ግዜኡ ከም ዘይኮነ'ዩ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሶሚናዊ ምብራቕ መምህር ዶ.ጎል ዑቕባስላሰ ዝገለጸ። ዝተፈላለዩ ኣባላት ማሕበራት ብቐጻሊ እናመጹ፡ ከምዚ ዓይነት ዕግበት ዝፈጥርን መንፈስ ዘሐድስን ተግባራት ከም ዘተግብሩ ይሕብር።

እዚ ምኩባር፡ ምድግጋፍ፡ ምጽዋር፡



ምምልላእ ዝሕላገዞ ባህሊ፡ ሰሩ ከይተኸቓቕቀ ናብ ዝመጽእ ወለዶ መታን ክሰጋገር፡ ልዑል ኣቓልቦን ተበግሶን ክውሰደሉ ከም ዘለዎ ዘዘኻኸረ መምህር ዶ.ጎል፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ዘርኣይዎ ስጉምቲ ድማ፡ ኣካል ናይ'ዚ ምኻኑ ኣረደኡ። መንእሰያት ተረኪቦቲ ሕድሪ ከም'ዚ ክቡር ባህልን ልምድን ንምዕቃብ፡



ኣቶ ብእምነት ዓይኒምሸት

ተራኦም ከበርክቱ በቲ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ።

መምህር ምሕረት ሃብተማርያምን መምህር ኣዜብ ገብረመድህንን፡ ኣብ ሞያ ምምህርና፡ ንልዕሊ 50 ዓመት ዝሰርሑ ገዳይም ዜጋታት እዮም። ንሳተን እዚ ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ዝተራእየ ሰናይ ተበግሶ፡ ሓደ ኣብነት ናይዚ ምኻኑ ይምስክራ። ከምዚ ዓይነት ተግባር ድማ፡ ካልኦት ዜጋታት'ውን ብዝሓየለ ክቕጽልዎ ይላበዋ።

ውሽጣዊ ዕግበት፡ መብዝሕትኡ እዋን ካብ ኣብ ምቕባል ንላዕሊ ኣብ ምሃብ ዝያዳ ከም ዝገለጽ ዝገለጹ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ወ/ሮ ሚልዮን ግርማይን ኑብያት ብርሃነን እዮም። ምስ ብጾተን ወሲደምዎ ዘለዉ ሰናይ ተበግሶ ድማ፡ ኑቶም ተፈጥሮኣዊ ሰንክልና ዘለዎም ተመሃሮ ቁልዑን ወለዶምን ተስፋን ሞራልን ዝሃበ'ኳ እንተኾነ፡ ልዕሊ ኩሉ ግና ንዓታቶም ሕልናዊ ዕግበትን ሩፍታን ከም ዝፈጠረሎም ይሕብራ። ምስዚ ብልዑል ፍቕርን ለውሃትን ዝልለዩ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ዘለዎም ቈልዑ እናተዘናግዐ ምውዓሎም ከኣ፡ ሓበን ከም ዝፈጠረሎም ገለጻን።

ኣብ ሰናይ ተግባር ምስታፍ ዘለዎ ሕልናዊ ዕግበት ቀሊል ከም ዘይኮነ ዝገለጸት ርእሰ መምህር መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር መምህር ምክኤልና ክፍለም፡ ሰናይ ተግባር ናብ መንፈሳዊ ብርታዐ ዘወስድ እንኮ መንገዲ ምኻኑ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ገሊጻ። ምስኡ'ውን ናብ ሞራላዊ ሓላፍነትን ሕልናዊ ዕግበትን ዘወስድ ሓቀኛ መንገዲ ምኻኑ ሓቢራ።

ሰናይ ተግባር ምግባር፡ ሰብ ምኻን ኣኻሊ'ዩ። ሰብ ምኻን ማለት ከኣ፡ ጸቡቕ ተግባር ምዕያይ፡ ሰብኣውነት ምልባስ፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ምስታፍ፡ ኣብ ከበቢኻ ዝጎደለ ምምላእ፡ ወዘተ. የጠቓልል። እዚ ብውህደት ምስ ዝትግበር ከኣ፡ ዝያዳ ወጽኢት ይኸሰብ። ደቒ ተባዕትዮን ደቒ ኣንስትዮን ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ድማ፡ እዚ ሓቂ'ዚ ብዝጭበጥ ስለ ዝተረድኡ'ዮም ኣብ'ዚ ሰናይ ተግባር ክሳተፉ ዝመረጹ።

ጸቡቕ ተግባር፡ ብዙሓት መላእ ሕብረተሰብ'ዩ ምልኣት ዝረኽበ። ምንጪ ህላወን ቀጻልነትን ሕብረተሰብ ኮይኑ ከገልግል ድማ ይኽእል። ብናይ ኩሉ እኩብ ጻዕሪ ዝኸልሕን ዝዓዘዘን ወጽኢት ከኣ ኣለዎ። ተበግሶ ናይዞም ኣባላት'ውን ብዘይ ምትሕብባር መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር ክውን ኣይነበረን ምኾነን ዝበለ ዋና ጸሓፊ ናይታ ማሕበር፡ ኣቶ ብእምነት ዓይኒምሸት እዩ። ንተበግሶኦም ባይታ ሳላ ዘጣጥሐሎም ከኣ፡ ዕውት ምብጻሕን ምትሕጋዘን ክንብሩ ከም ዘኸኣሎም ብምሕባር፡ ኑቲ ቤት ትምህርቲ ኣመስጊኑ።

ነዞም ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ዘለዎም ዜጋታት፡ መንግስቲ ዝከኣሎ እናገበረ ዘምህሮምን ዝናኸናኸኖም'ኳ እንተኾነ፡ ኑቲ መንግስቲ ዘዩብጽሖ ሓደ ሓደ ነገራት ምግባር ከም ዜጋታት ሓላፍነት ኣለና ዝበለ ከኣ፡ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለሰራዊት 37 ነበር ኣቶ እያሱ ክብርኣብ'ዩ። ምስ ከምዚ ዓይነት ሰንክልና ዘለዎም ዜጋታት ግዜኻ ካብ ምሕላፍ ዝዓቢ ዓስቢ ከምዘየለ ጠቒሱ፡ ከኣ፡ ሞራል ምሃብ ኣብ ዕቤት ናይ'ቶም ተመሃሮን ኣለይቶምን ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ ክድረፈሉ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ሰናይ ተግባር ዝዓም ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ናይ ፈለማኦም እምበር ናይ መወዳእታኦም ከም ዘይኮነ ዝገለጹ እቶም ገበርቲ ሰናይ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ብዝተፈላለየ መልክዕ ከምዚ ዓይነት ተበግሶ ናይ ምውሳድ መደብ ሒዞምዎ ከም ዘለዉ የረድኡ። ሓደ ካብ ናይ መጻኢ መደቦም ከኣ፡ ናብ'ታ ትግሊ ሃገር ኣብ ምውሓስን ልኡላውነት ኣብ ምዕቃብን ዝተረባረበት ክፍለ ሰራዊት 37 እትርኸቦ ቦታታት ዑደት ናይ ምውዳብ መደብን ልምዓታዊ ቦታታት ምብጻሕን እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ መደባቶም ኣሰፊሖም፡ ኑቶም ግና ኣብዚ ማሕበር ዘይተጠርነፉ ኣባላት ብምውዳብ፡ ንስድራቤታት ስውኣትን ሰንኩላንን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ሓገዛት ከበርክቱ ምኻኖም ይሕብሩ።

እዞም ኣባላት ዘለዎም ዓቕሚ ብምትእኽኻብ'ዮም ገለ ሃገር ክንንዑበር ኣለና ኢሎም ተላዒሎም። ከም መፈለሚ መደቦም ከኣ፡ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ንምግባር፡ ኣብ መጀመርታ ቤት ትምህርቲ መደበር ምብጻሖም፡ ልዑል ኣድናቖት ዝጉበኦም'ዮም። ኣብ ውሽጦም ሕልናዊ ዕግበት ሰሪቖም መደባቶም ሓደ ድሕሪ ሓደ ብጽፈት ክዘዝሙ ምኽኣሎም



ከኣ ንብዙሓት ጸቡቕ ኣብነት'ዩ። ምስ'ቶም ሰንክልና ዘለዎም ቈልዑ እንክጻወቱን እንክዘናግዕዎን ከለዉ ከኣ፡ ኣብ ገጾም ዝንበብ ፍሽኽታን ሓጎስን ንውሽጣዊ ዕግበቶምን ሰላሞምን ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። ሳዕልን ታሕትን ክበሉን ንናውቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ክጽግኑን እንከለዉ ድማ፡ ስራሖም ዘድኽሞም ይመስሉ ኣይኑበሩን። እቲ ምንታይ፡ ብሕልና ውሽጦኻ ተመሪሕካ እትዓዮ ስራሕ፡ ኣድማዒ ስለ ዝኾነውን እዩ።

ሰናይ ተበግሶ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር ዝፈጠሮ ጽልዋ፡ ኣቃለልካ ዝርአ ስለ ዘይኮነ፡ ኩላትና ዓቕምና ብዝፈቕዶ ከምዚ ዓይነት ተግባር ክነበርክት ዝድርኽ'ዩ። ሓልዮትናን ሰብኣውነትናን እነርእየሉ መድረኽ ስለ ዝኾነ'ውን እቲ ኻልእ መኽሰብት'ዩ። ብዋጋ ዘይትመን ዕግበት ስለ ዝርከቦ፡ ሓንሳብ ምስ እትገብሮ መመሊሱ ዘበራትዕ ተግባር'ዩ።

ኩልና ከም እንፖዝዞ፡ ከምዚ ዓይነት ቅዱስ



ወ/ሮ ኑብያት ብርሃነ

ተግባር፡ ኣብዚ እዋን ዝመጸ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ምንጪ፡ ንወለዶታት እናተሰጋገረ ዝመጸኣ ባህልናን ክብርታትናን እዩ። ስለዚ፡ እዚ ዓይነት ተግባር'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝተላበሶን ዝተመኮረሉን ኣካል መዓልታዊ ህይወቱን እዩ።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ ሰራዊት 37 ነበር፡ ብ'ካንሸላይ' ዝብል ቅጽል'ዮም ዝጽውዑ። ካንሸላይ ድማ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝርከብ ድፋዕ ኮይኑ፡ ክፍለ ሰራዊት 37፡ ኣብ ወራር ወያነ ወርሒ ግንቦት 1999 ዓ.ም. ጥምጥም ዘዋደደትሉን ዓወት ዘተገናጸፈትሉን ታሪኻዊ ቦታ እዩ።



መም/ ዶ.ጎል ዑቕባስላሰ

በዚ ኣጋጣሚ ድማ፡ ኣብ ውሽጦን ወጻኢን ዝርከቡ ካልኦት ኣባላት ናይ'ዚ ክፍለ ሰራዊት ዝነበሩ፡ ኣብ'ዚ ማሕበር ክጥርነፉ ጻውዒቶም የቕርቡ።

ብኻልእ ወገኑ ብቕዳም 6 ታሕሳስ 2025፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ባይታ ቴኒስ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣታኽልቲ ጉብሩ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ንዘለዎም ተመሃሮ መጀመርታ መደበር ኣስመራ፡ ንመበል 3ይ ግዜኡ ናይ ባይታ ቴኒስ ጸወታን ናይ ምሳሕ እንግዶትን ገይሩሎም። ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀሊታን ከኣ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቦም፡ ስለቲ ብኣቶ ኣታኽልቲ ጉብሩን ካልኦት ወገናትን ዝውሰድ ዘሎ ሰናይ ተግባር ኣመስጊኖም፡ ካልኦት'ውን ንጸገማት ወገናት ንምሕጋዝን ንምትብባዕን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ተላብዮም።

